## 71. ፊልምታት፣ ቆልዑት በዚ መገዲ እዮም ምዝራብ ዝመሃሩ።

www.kinder-4.ch

ኣብዚ መርበብ ሓቤረታ ብእንተርኔት ብዙሕ ፊልምታት ክትረኽቡ ትኽሉ። ፍልምታት ቆልዑ ብኸመይ ምዝራብ ከምዝመሃሩ ይሕብሩ(የርእዩ)። ስለዚ በዚ ብኸመይ ክትሕግዝዎ ከምትኽእሉ ምስ ውልድኩም ኩሉ ጊዜን ኣብ ዝኾነ ቦታን ተዛረቡ።

## መጻሕፍቲ ኣንብቡ፣ ጥቅስታት ተዛረቡ።

www.interbiblio.ch

ኣብ ስዊዝ ናይ ባህሊ ቤተ መጻሕፍቲ ኣለዉ። ኣብዚ መጻሕፍቲ ካብ ብዙሕ ቋንቋታትን ካብ ዝተፈላለዩ ባህሊታትን ይርከቡ። ብሓገዝ ካርታ ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ ድለዩ።

www.vers-und-reim.net

ኣብዚ ካብ ብዙሓት ባህሊታት ብብዙሓት ቋንቋታት ጥቅስታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ንኣብነት፥

ኤን ደን ዲኒ ፡ ሳባራ ካቲኒ ፡ ሳሳራካካ ታካ ፡

ቢጃ ፡ ባጃ ፡ ቡፍ ፡ ትሪፍ ፡ትራፍ ፡ ትሩፍ

www.buchstart.ch

መጽሓፍ ምጅማር - ምስ ካልኦት ቆልዑት መጽሓፍቲ ምርኣይ

www.sikjm.ch

ታሪኽ ሃበኒ: ብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ታሪኽ(ዛንታታት) ።

## ንዝኾነ ሕቶታት፡

ንማእከል ስድራቤታት፡ ን ቤተ መጽሓፍቲ፡ ወይ ኣብ ምምሕዳርኩምን ዝርከብ ማእከል ኣገልግሎት ምኽሪ ወለዲ ተወከሱ።

ክኢላታት ንዓኹም ን ምሕጋዝ ሕጉሳት እዮም።

በዚ መገዲ ክትረኽቡና ትክእሉ፡ www.fruehefoerderung.bl.ch

ኢመይል(E-Mail): fruehefoerderung@bl.ch

---

Pädagogische Hochschule Thurgau.
*Lehre Weiterbildung Forschung*

Bildungsdirektion Kanton Zürich

ዝተዳለወ ብመዳይ ጉዳያት ቤተሰብ (SID) ከምኡውን ምስ ቦታ ኣገልግሎት ኣማኸርቲ ትምህርቲ፣ ማእከላይ ቤት ትምህርትን ላዕለዋይ ቤት ትምህርትን (BKSD)

KIP
KANTONALES INTEGRATIONSPROGRAMM
KANTON BASEL-LANDSCHAFT

BASEL LANDSCHAFT

# ህጻናት ክዛረቡ ይደልዩ እዮም።
# ቋንቋ ኣገዳሲ እዩ።
# ስለዚ ንደቅኹም ሓግዝዎም።

### ሓበሬታታት ንወለድን ንሕጋውያን መጕዚትን



## ስለምንታይ እዩ ቋንቋ ካብ  ፈለማ ንቆልዑት ኣዝዩ ዘገድስ፧

ህጻናት ኩሉ ጊዜን ኣብ ኩሉ ቦታን ቋንቋ የድልዮም ።
ምስ ስድርኦም ንክዛረቡ  ፡ ምስ ካልኦት ቆልዑት ንክዛረቡን ክጻወቱን።

ከም ኡውን ቋንቋ ንቀጻሊ ኣገዳሲ እዩ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ስራሕ።

ስለዚ እተን ቀዳሞት ዓመታት ሂወቶም ኣዝየን ኣገደስቲ እየን።
ንደቅኹም ሓግዝዎም።

## እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

### 1. ምስ ደቅኹም ኩሉ ጊዜ ተዛረቡ

ቆል ዑ ምስ ዓበይቲ ምዕላል ይደልዩ። ስለዚ ምስ ዉላድኩም ብዙሕ ጊዜን ኣብ ኩሉ ቦታን ተዘራረቡ። ንኣብነት ኣብ ዕዳጋ ክትዕድጉ፡ ኣብ መኣዲ፡ ኣብ ባቡር። ንነዊሕ ዕላል ከማን ጊዜ ወፍዩ። ኣብ ዕላልኩም ተተጋገዩ ክፉእ ኣይኮነን። እቲ ዘገድስ ንሓድሕድኩም ምርድዳእ እዩ።

### 2. ደቅኹም ምስ ካልኦት ቆልዑት ክዘራረቡ ፍቐድሎም።

ቆልዑት ክጻወቱ ከለዉ ብዙሕ ይመሃሩ፡ ንቋንቋ ወሲኽካ። ስለዚ እዮም ምስ ካልኦት ቆልዑት ክራኸቡ ዝደልዩ። ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆልዑት ክጻወቱ ፍቐድሎም።  ንውላድኩም ንክጻወትን ንክመሃርን ጊዜ ሃብዎ።

### 3. ንውልድኩም ብግቡእ ተረድእዎ(ስምዕዎ)።

ቆልዑት ገለ ነገር ክብሉና ይደልዩ ስለዚ እዮም ከኣ ምሳና ከዕልሉ ዝደልዩ። ንውላድኩም ንክዛረብ ጊዜ ሃብዎ። ንውላድኩም ብግቡእ ስምዕዎ። ድልየትኩም ኣርእይዎ ሕቶውን ሕተትዎ። እዚ ንውላድኩም ብዝሓሸ ንምርዳእ ይሕግዘኩም።

### 4. ቋንቋ ንኩሉ ነገር ተጠቀምሉ።

ብቋንቋ ብዙሕ ነገር ክትገብሩ ትኽእሉ። ንኣብነት፡ ሓደ ነገር ንክትብል፡ ሓደ ዛንታ ምንጋር፣ ንዓላም ንምግልጽ። ንደቅኹም ዘገድስ ነገራት የዕልልዎም። ብዛዕባ ስምዒታቶም የዕልልዎም፡ ነዚውን ጊዜ ሃብዎ። ነዊሕ ዕላል ንውላድኩም ጠቓሚ እዩ።

### 5. ጽሑፋት(ፊደላት)ንደቅኹም ኣረድእዎም።

ኣብ ኩሉ ቦታታት ፊደላት፡ ቁጽርታትን ስእልታትን ኣለዉ። ኣብ መጽሓፍቲ፡ ኣብ ሞባይል ቴሌፎን፡ ኣብ ቴሌቪዥን፡ ኣብ ናይ ምልክት ሰሌዳታት። እዚ ንደቅኹም ግለጽሎም።  ብሓንሳብ ምስ  ደቅኹም ናይ ቆልዑት መጽሓፍትን ፊልምታትን ረኣዩ። እዚ ዳሓር ኣብ ቤት ትምህርቲ ንውልድኩም ሓጋዚ እዩ። ከምኡውን ኣብዛ ዘመናዊትን ድጂታላዊትን ዓለም።

### 6. ብቋንቋ ኣደ ተዛረቡ።

ኣብ ገዛ ምስ ውልድኩም ብቋንቋ ኣደ ተዛረቡ።  ውልድኩም ኣብ መእለይ ቆልዑት (ኪ.ታ)፡ ኣብ መጻወቲ ጉጅለ( ሽፒልግሩፐ)  ጀርመን(ዶች) ክዛረብ እዩ። ውልድኩም በዚ መገዲ እዩ ክልተ ቋንቋ ዝመሃር። እዚ ንውልድኩም ዓብይ ዕድል እዩ። ደሓር ኣብ መዋእለ ህጻናትን ኣብ ቤት ትምህርትን ይሕግዞ እዩ። ውልድኩም ገና ብንእሱ ምስ ጀርመን ዝዛረቡ ቆልዑ ክጻወት ኣፍቅድሉ። ብቋንቋ ኣዴኹም ምስ ውልድኩም የዕልሉ።



